# እታ ቤተይ ገዲፈ ንከተማ ዝወጻኹላ ዕለት

Lesley Koyi, Ursula Nafula
Brian Wambi
Daniel Berhane Habte
3
ትግርኛ ti

እታ ኣብ ዓድና ዘላ ንእሽቶ መዕረፍ ኣውቶቡሳት ብህዝብን ልዕሊ ዓቕመን ብዝጸዓና ኣውቶቡሳትን ኣዕለቕሊቓ ነበረት። ዋላ ኣብ ባይታ ዃኣ ዝጸዓን ተወሳኺ ንብረት ነበረ። ተመትቲ ኣስማት ናይቲ ኣውቶቡሳቶም ዝኸድኦ ቦታታት ይጭድሩ ነበሩ።

ከተማ! ከታማ! ናብ ምዕራብ! ኢሉ ሓደ ተማቲ ክጭድር ሰማዕክዎ። ንሳ እያ እታ ክወስዳ ዝደለኹ ኣውቶቡስ።

እታ ኣውቶቡስ ከተማ ዳርጋ መሊኣ እያ ኔራ፡ ግን ጌና ተወሰኽቲ ሰባት ንኽኣትዉ ይደፋፍኡ ነበሩ። ገሊኣቶም ንብረቶም ኣብ ትሕቲ እታ ኣውቶቡስ ጸዓንዎ። ካልኦት ድማ ኣብቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ መጸፍጸፊ ኣእተውዎ።

ሓደስቲ ተሳፈርቲ ትኬቶም ተኾልኪሎም ኣብታ ጭቕጭቕ ዝበለት ኣውቶቡስ ኮፍ መበሊ ይደልዩ ነበሩ። ናኣሽቱ ቆልዑ ዝነበርወን ኣዴታት ንቆልዑተን ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ኣመሻሽኣሎም።

ኣነ ኣብ ጥቓ መስኮት ተጨባቢጠ ኮፍ በልኩ። ኣብ ጐነይ ኮፍ ዝበለ ሰብ ሓንቲ ቀጠልያ ሳንጣ ቀጠው ኣቢሉ ሒዙ ነበረ። ብላይ ሳንደል ሳእንን ዝኣረገ ካቦትን'ዩ ወድዩ፡ ዝተጨነቐ ድማ ይመስል ነበረ።

ካብታ ኣውቶቡስ ናብ ግዳም ጠመትኩ’ሞ ዓደይ፡ እታ ዝዓበኹላ ቦታ ሓዲገያ ይኸይድ ምህላወይ ተረድኣኒ። ናብታ ዓባይ ከተማ እየ ዝኸይድ ኔረ።

እቲ ምጽዓን ተወዲኡ እዩ ኩሉ ተሳፋራይ ድማ ኮፍ በለ። እናዞሩ ኣኽሑ ዝሸጡ ሰባት ንብረቶም ናብ ተሳፈርቲ ንምሻጥ ጌና ናብታ ኣውቶቡስ ተዳፍኡ። ነፍስወከፎም ስም እቲ ንመሸጣ ዝቐረብዎ ንብረት እናጠቐሱ ይጭድሩ ነበሩ። እቲ ቃላት ንዓይ ኣስሒቑኒ።

ሒደት ተሳፈርቲ ዝስተ ገዚኦም፡ ካልኦት ቀንጠመምንጢ ጣዓሞት ዓዲጎም ክሕይኹ ጀሚሮም። እቶም ገንዘብ ዘይነበረና፡ በዓል ኣነ፡ ሱቕ ኢልና ተዓዘብና።

እዚ ንጥፈታት በቲ ክንብገስ ምኳ’ና ዘአንፍት ድምጺ ጥሩምባ ናይታ ኣውቶቡስ ተቛረጸ። እቲ ተማሂ ነቶም ሸያጦ ንኽወጹ ኣዕበርበረሎም።

ሸያጦ ካብታ ኣውቶቡስ ንምውራድ ንሓድሕዶም ተደፋፍኡ። ገሊኦም ነቶም ተሳፈርቲ ማልስ ሂቦሞም። ካልኦት ድማ ተወሳኺ ነገራት ንምሻጥ ናይ መወዳእታ ፈተነ ኣካየዱ።

እታ ኣውቶቡስ ነቲ መቖም ኣውቶቡስ ገዲፋቶ ክትከይድ ከላ በቲ መስኮት ንግዳም ጠመትኩ። ዳግም ናብ ዓደይ ክምለስ’ዶ ይኸውን እናበልኩ ተደነቕኩ።

ኣብ ጉዕዞና ምስገስገስና፡ እቲ ውሽጢ ኣውቶቡስ ኣዝዩ መቜ። ክድቅስ እናተተስፈኹ ዓይነይ ዓመትኩ።

ኣእምሮይ ግና ናብ ቤተይ ተመሊሱ ሃውተተ። ኣደይ ብደሓን’ዶ ትጸንሕ? ማንቲለይ ገንዘብ የእትዋ’ዶ ይኾና? ሓወይ’ከ ነቲ ፈልሰይ ማይ ምስታይ ይዝክሮ’ዶ ይኸውን?

ኣብ መንገደይ፡ ስም ናይቲ ኣኮይ ዝነብረሉ ኣብቲ ዓቢ ኸተማ ዘሎ ቦታ ሸምደድክዎ። ጌና ደቂሰ ከለኹ ነቲ ስም ብትሕቲ መልሓሰይ ይደጋግሞ ነበርኩ።

ድሕሪ ትሸዓተ ሰዓታት፡ በቲ ዓው ዝበለ ገም ገምን ጻውዒት ናብ ዓድና ክምለሱ ዝደለዩ ተሳፈርትን ተበራበርኩ። ንእሽቶ ሳንጣይ ኣልዒለ ካብታ ኣውቶቡስ ዘሊለ ወረድኩ።

እታ ኣውቶቡስ ንኽትምለስ ብቕልጡፍ ትመልእ ነበረት። ብተሎ ናብ ምብራቕ ክትምለስ እያ። ሕጂ እምበኣር እቲ ንዓይ ኣዝዩ ዘገድሰኒ ነገር፡ እንዳ ኣኮይ ሃሰው ክብል ምጅማር እዩ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## እታ ቤተይ ገዲፈ ንከተማ ዝወጻኹላ ዕለት


Lesley Koyi, Ursula Nafula

Brian Wambi

Daniel Berhane Habte


CC BY